
ውዕል ትምህርቲ ልምዲ

ተዓዊትኩም- እቲ ትካል ንዓኹም ቦታ ትምህርቲ ልምዲ ከምዝረኽብኩም ብቃል ንጊሩኩም። ዝቅጽል ስጉምቲ እቶም ሓለፍቲ ትካል ነቲ ውዕል ትምህርቲ ልምዲ መሊእም ክሰዱልኩም እዮም። ነቲ እቶም ሓለፍቲ ዝፈረሙሉ ውዕል ትምህርቲ ልምዲ እስኹም እውን ክትፍርሙሉ ኣለኩም። ድሕሪኡ እቲ ውዕል ከጸንዕ እዩ።

ኣብቲ ውዕል ብዙሕ ሓፈሻዊ ትሕዝቶ ኣለዎ፣ ናይ እቲ ትካል ትምህርቲ ልምዲ ኣድራሻ፣ ናትኩም መንነት፣ ናይቲ ሙያ መጸውዒ፣ ኣቲ ትምህርቲ ልምዲ ዝወስዶ እዋን፣ እዋን ጊዜ ተልመዱንነት ወይ ድማ እቲ እስኹም ትሳተፍዎ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ሙያ።




ኣብኡ ግን እስኹም ኣነጺርኩም ክትርእይዎ ዘለኩም ሓደ ሓደ ዝርዝራት ኣሎ:

ናይ ስራሕ ፍቓድ

ፍሉያት ንዝኾና ናይ መንበሪ ፍቓድ (ንምሳለ F, L, N) ትምህርቲ ልምዲ ሙያ ንምምሃር እውን ናይ ስራሕ ፍቓድ የድልየን እዩ። እዚ ፍቓድ ነቲ መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ ቅድሚ ምጅማር ክቐርብ ኣለዎ።


ሕጋዊ ወኪል

ዕድሜኹም ድሮ 18 ዓመት ዝመልኡ ኣንተኾይኑ በዚ ምኽንያት ድማ ሙሉእ ዕድመ እንተኹንኩም፣ ሕጋዊ ወኪል ኣየድልየኩምን እዩ። ከም መጠን ዓቢ ሰብ ነቲ ውዕል ትምህርቲ ልምዲ ባዕልኹም ትፍርሙ ከምኡውን ነቲ ሓላፍነት ትቅበሉ።



ዝኽፈል ገንዘብ


እቲ እስኹም ኣብተን ነፍሲ ወከፍ ዓመታ ትኣብ ወርሒ ዝኽፈል ትረኽብዎ ገንዘብ፣ ኣብ ውሽጢ ትካል ወይ ድማ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ሙያ ካብ ግቡእ ንላዕሊ ብዙሕ እንተ ሰሪሕኩም፣ ተወሳኺ ኣበል ዝኽፈል እንተኾነ፣ እቲ ትካል ንዓኹም ናይ መበል 13 ወርሒ መሃያ ዝህበኩም እንተኾነ፣ ኣብዚ ሊስታ ተዘርዚሩ ሰፊሩ ኣሎ።



ኣድሜኹም ካብ 18 ዓመት ንላዕሊ እንተኾይኑ፣ ካብቲ ኣብዚ ተዘርዚሩ ዘሎ እቶት መሃያ ነዘን ዝቕጽላ ክኽፈል እዩ AHV (ናይ ጥሮታን ውርሻን ኢንሹራንስ)፣ IV (ጥሮታ ስንክልና) ከምኡውን ALV (ኢንሹራንስ ስራሕ ኣልቦነት)።


ሰዓት ስራሕ

እቲ ዝለዓለ ማእከላይ ግቡእ እዋን ስራሕ ኣብ ስዊዘርላንድ ኣብ ሰሙን 42 ሰዓታት እዩ። ኣብ ሓደ ሓደ መዳያት እዚ እዋን ስራሕ ካብኡ ፍልይ ክብል ይኽእል እዩ። እቲ ኣብ ናትኩም ዘሎ እዋን ስራሕ ከመይ ከም ዝኾነ፣ ኣብቲ ዝቕጽል ጊዜ እስኹም ትማህሩሉ ትካል ንዘለዉ ሓለፍቲ ሕተቱ።




ንሙያ ኣድላይ ዝኾነ ነገር ምሽማት

ንብዙሓት ሙያታት ናይ ስራሕ ክዳውንቲን ውልቃዊ ዝኾነ መሳርሒ ኣቕሑትን የድሊ እዩ። ኣብቲ ውዕል ትምህርቲ ልምዲ ነዚ ነገራት መን ከም ዝገዝኦን ዝከናኸኖን ሰፊሩ ኣሎ።



ኢንሹራንስ

መንእሰያት ብስድርኦም ናይ ሓደጋ ኢንሹራንስ ኣለዎም፣ መብዛሕትኡ እዋን ሓደ ናይ እቲ ጥዕና ኢንሹራንስ ክፍሊ እዩ። ኣብቲ እዋን መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ ከምብሓድሽ ቡቲ ትካል ወገን ኣብ እዋን ስራሕ ናይ ሓደጋ ኢንሹራንስ ኣለኩም። እቲ ትካል ትምህርቲ ልምዲ ንእዋን ዕረፍቲ ዝኸውን ኢንሹራንስ ሓደጋ ይኣትወልኩም እዩ። እዚ ኢንሹራንስ ናይ ግድን ክህሉ ዘለዎ እዩ መብዛሕትኡ እዋናት እውን ካብ እቲ ትረኽብዎ መሃያ ይቕረጽ እዩ። ነቲ ናይ ጥዕና ኢንሹራንስኹም ከም መጠን ሰራሕተኛ ሓዲሽ ናይ ሓደጋ ኢንሹራንስ ከም ዘለኩም ሓብሩ።



ምርካብ ፍቓድ

እዚ ውዕል ትምህርቲ ልምዲ ቦቲ ናይ ካንቶንኩም ቤት ጽሕፈት ትምህርቲ ፍቓድ ይረክብ እዩ። እቲ ኣብኡ ዝፍርም ውልቀሰብ ንሙያኹም ከምኡውን ነቲ ቦታ ትምህርቲ ልምድኹም ሓላፊ እዩ። ኣብቲ እዋን መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያኹም ምስ እቲ ትምህርቲ ልምዲ ትገብሩሉ ትካል ወይ ድማ ምስ እቲ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ሙያ ክትፈትሕዎ ዘይትኽእሉ ሽግር እንተጋጠመ፣ ምስ እዚ ዝፍርም ውልቀሰብ ተራኸቡ።

